# በጃኹም ነቲ ዘይበልኩኹም ስምዑ!

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ ኣብ ኣል ጀዚራ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተዋህበ ቃለ-መጠይቕ'ዩ። ድሕሪ እቲ ሓሶት'ዩ ጸውታ'ዩ ዝብሉን ንዕኦም ዘሰንይዎምን ተመሳሰልትን ተደጋገምትን ቃላትን መልስታትን ምስምዐይ፡ እዝስ መጨበጥን መትሓዝን ዘይብሉ ስለዝኾነ፡ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኮነን ዝብል ሓሳባት ስለዝመጸኒ፡ ቃላት ከይመላእኩ ከየጉደልኩ ገጣሚ ቻርለስ ፊን ንከምዚ ዝኣመሰለ ባህርያት ንኽገልጽ ዝጸሓፎ ምስ'ዚ ቃለ መጠይቕ ኣብ ሞንጎ እንዳሰኺዕኩ ከትንብብዎ ከቕርበልኩም መሪጸ። ኣብዚ ቃለ-መጠይቕ ሓታቲት ጄን (ኣል ጀዚራ)፡ መላሲ "ንሱ" (መራሒ ሃገር)፡ ገጣሚ ቻርለስ ፊን ድማ ነቲ "ንሱ" ዘይበሎ ስምዑ እንዳበለ ባህርያቱ ይገልጸልና። እተን ዝመረጽክወን ሕቶታት ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ብዓይኑ ዝርእዮን ዝምስክሮን ንዘሎ ውሽጣዊ ኩነትት ሃገር ዝምልከታ ጥራይ እየን። ንቻርለስ ፊን ከፋልጠኩም ብግጥሙ ጀምሩ።

**ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? "ንሱ"፡ ነቲ ዘይበለኩም ስምዑ፡ ብልቡ ከኣ ከምዚ'ዩ ዝብል ዘሎ ይብለና፡ "በጃኹም ብኣይ ኣይትተዓሻሸዉ፣ በቲ መሊሰዮ ዘለኹ ናይ ተዋስኦ ገጽ ኣይትታለሉ፣ ምኽንያቱ ኣነ ሓደ ሽሕ ማስኬራታት እየ ወድየ ዘለኹ - ንከልግሶ ከኣ ፈጺሙ ትብዓት የብለይን፣ ካብ'ዚ ሓደ'ኳ ኣነ ኣይኮንኩን፣ ምስልዩነት ካልኣይ ናተይ ባህሪ ናተይ ዝኾነ ስነ-ጥበብ እዩ - ግና ፈጺምኩም ኣይትታለሉ፣ ስለ እዝግሄር ብኣይ ኣይትተዓሸዉ!"**

**ሕቶ ጄን፡** ሃገርካ ነጻነታ ካብ ትረክብ 20 ዓመት ኮይኑ፡ ንስኻ መራሒኣ ካብ ትኸውን ድማ 18፡ እዛ ሃገር ከመይ ጌይራ ኣብ ሃዋሁው ውግእ ንኽንድዚ ዓመታት ክትነብር ክኢላቶ?

**"ንሱን" መልሱን፡** እዚ ዓጀውጀው ኣእምሮ'ዩ። እቶም ነዚ ኩሉ ዓመታት ኣብ ውግእ ኢና ዘሎና ኢሎም ዝኣምኑ ጽሉላት'ዮም። ኣብ ሓንጎሎም ዝሓስብዎ ነገራት'ዩ። ንዘየለዉ ነገራት ኣለዉ ምባል፡ ደጋጊምካ ድማ ምቕራብ ዓጀውጀውን ጽላለን'ዩ።

**ሕቶ ጄን፡** ሃገርካ ኣብ ሃዋሁው ውግእ እንተድኣ ዘይትነብር ሃልያ ድኣ፡ እንታይ ኮይና እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ኣደራዕ ጭቀና ትነብር ዘላ? ነጻነት ሰነ-ጽሑፍ የለን! ነጻነት ምዝራብ የለን!

**"ንሱን" መልሱን፡** ኣበይ ገጻ ከምተብል ዘላ እዛ ሕቶኺ ተረዲኣያ ኣለኹ። እዚ ድማ እንደገና ካብ ፈጠራ ዝነቕለ ካልእ መስሓቕ'ዩ። ትም ኢሉ ዘረብርበካ መስሓቕ።

**ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? ኣይትስምዕዎ። ልቡ ትብሎ ዘላ ጽን ክትብሉ ፈትኑ፡ "ኣብ ውሑስ ኩነታት ምህላወይ፡ ኩሉ ነገራተይ ብብርሃን ዘዕለቕለቐን ብሰላም ዝተዓጀበን ምዃኑ፡ ኣብ ውሽጠይን ግዳመይን ቅድወት ከምዘሎ፡ ርእሰ ተኣማንነት መስመዪየይ፡ ኣብ ዓቕመይ ምምርኳስ መገደይ፡ ውሽጠይ ስኹን ኣነ ከኣ ህዱእ ምዃነይን ካልኦት ከምዘይደልን ዘምስል ተምሳጥ ከሕድረልኩም እየ፣ ግና በጃኹም ኣይትእመኑኒ! እቲ ላዕሊ ላዕለይ ልሙጽ ኮይኑ ክረኣየኩም ይኽእል እዩ። ግና ላዕለይ እቲ ማስኬራይ እዩ - ወትሩ ዝቀያየር። ወትሩ ዝሕባእ ማስኬራ፣ ኣብ መዓሙቕ ውሽጠይ ዝተነብረ ሓጎስ ግን የልቦን፣ ኣብ'ቲ መዓሙቕይ፡ ምድንጋር፡ ፍርሒን ብሕትውናን እዩ ዘሎ፣ ኣነ ግና ነዚ ከዊለዮ እየ፣ ዝኾነ ሰብ ክፈልጦ ከኣ ኣይደልን እየ፣"**

**ሕቶ ጄን፡** ካብዛ ሃገር ዝኾነ ይኹን ሰብ ከም ድልየቱ ክወጽእ ይኽእል ድዩ?

**"ንሱን" መልሱን፡** ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ዝደለዮ ግዜ ካብዛ ሃገር ክወጽእ ይኽእል'ዩ።

**ሕቶ ጄን፡** ብዛዕባ ነጻነት ምጽሓፍን ምዝራብን ከ? ኤርትራ ካብተን ኣብ ዓለም ዘለዋ ሃገራት እታ ዝበዝሑ ግዜጠኛታት ኣሲራ ዘላ ሃገር'ያ። ስለምንታይ ኢኻ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ወሲድካ?

**"ንሱን" መልሱን፡** እዚ ሓሶት'ዩ።

**ሕቶ ጄን፡** ጋዜጠኛታት ኣይኣሰርካን?

**"ንሱን" መልሱን፡** እዚ ሓሶት ኣል ጀዚራ'ዩ። እስራኤል ኣብዚ'ላ ኢራን ኣብዚ'ላ ...

**ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? እቲ ቀዳማይ ምስኬራ ተቐሊዑ ካልእ ሰብ ይዛረብ'ሎ፡ ጽን ጥራይ በሉ፡ "ብዛዕባ ድኽመታተይ ዝመጽእ ሓሳብን ከይቃላዕ ዝስማዓኒ ፍርሒን ኩልሳዕ ራዕዲ ምስ ኣእትወለይ እዩ፣ ስለዚ ከኣ'የ። ካብ'ቲ ስቕቕታይ ክገላገል ብድሕሪኡ ኮይነ ክሕባእ ዝኽእለሉ ማስኬራታት**

**ዝፈጠርኩ፣ ካባይ ዝረሓቐ። ግን ከኣ ዝተራቐቐን ዝተጠናነገን መናድቕ ብምፍጣር፤ ኣብ ምምሳል ዝሕግዘኒ። ከለልየኒ ካብ ዝኽእል ቆላሕታ ዝኽውለኒ ማስኬራ ዝሰራሕኩ፣**

**ግና ከምዚ ዝበለ ቆላሕታ ንዓይ መድሓኒየይ እዩ፣ እቲ እንኮ ተስፋይ ንሱ ምዃኑ'ውን እፈልጥ፣ እወ ንሱ ጥራይ እዩ ብምቕባል እንተተሰንዩ። ብፍቕሪ እንተተሰንዩ ከናግፈኒ ዝኽእል መህደሚ፣ ንሱ ጥራይ እዩ ካብ ገዛእ ርእሰይ ሓራ ዘውጽኣኒ። ካብ'ቲ ብፍላጠይ ዝሃነጽክዎ ናይ ማሕዩር መናድቕ። ካብ'ቶም ብጥንቃቐ ዝተኸልክዎም ዓበይቲ ዕንቅፋታት ከናግፈኒ ዝኽእል፣ ነቲ ንነብሰይ ከረጋግጸላ ዘይካኣልኩ ከረጋግጸለይ ዝኽእል።“**

**ሕቶ ጀን፡** በል ብዛዕባ እዚ ኣብዚ ዝነበር ዘሎ ህዝቢ ንዛረብ። ሕቡራት ሃገራት ብዘቕረቦ፡ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ማዕረ 63,000 ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ውቑባ ሓቲቶም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ማዕረ 1,800 ዶብ ሰጊሮም ኣብ ሱዳን ዑቕባ ይሓቱ ኣለዉ። ስለምንታይ እዮም ሃገሮም ገዲፎም ዝስደዱ ዘለዉ?

**“ንሱን” መልሱን፡** እዚ'ውን ካልእ ሓሶት'ዩ። ዝያዳ ሓሶት!

**ሕቶ ጀን፡** ሰባት ነዚ ሃገር ገዲፎም ኣይስደዱን ኣለዉ?

**“ንሱን” መልሱን፡** እቲ ጭብጥታት ሃብኒ። እቲ ጭብጥታት ሃቡና። ንሕና እቲ ጭብጥታት ክንርእዮ ንደሊ። በቲ ጸብጻባት'ዚ እቲ ህዝቢ ብምልኡ ቀደም ወጺኡ ምሃለወ።

**ሕቶ ጀን፡** ካብዛ ሃገር ግና ይወጹ'ዮም ዘለዉ፡ ምስ ወጹ ከኣ ዑቕባ ይሓቱ ኣለዉ። እቶም ተጻወቲ ኩዕሶ ኣብ ከንያ ዝተረፉ፡ ወረቐት ስደተኛ ክውሃቦም ዑቕባ ይሓቱ ኣለዉ። ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስፖርተኛታት'ውን ወረቐት ስደተኛ ክወሃቦም ዕቕባ ይሓቱ ኣለዉ።

**“ንሱን” መልሱን፡** ብዛዕባ'ዚ ኣነ ኣይሰምዕኩን።

**ሕቶ ጀን፡** ብርግጽ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ብርግጽ፡ ብርግጽ፡ ዝሰማዕክዎ የብለይን። እዚ ንዓይ ሓዲሽ ወረ'ዩ። ነዚ ወረ'ዚ ኣነ ጨሪሸ ኣይሰማዕክዎን። ኣይግድሰንን ከኣ'ዩ። ዝኾነ ይኹን ከምዚ ዓይነት ወረ፡ ዑቕባ ይሓቱ ኣለዉ ዶ ዋላስ ኣብ ኣሜሪካ ስራሕ ይደልዩ ኣለዉ ፡ ከመይ ገይሩ'ዩ ንዓይ ከገድሰኒ ዘለዎ?

**ሕቶ ጀን፡** ሓደ ካብቲ ዝቐርብ ምኽንያት፡ እቲ ጾታ ዘይፈሊ ገደብ ዘይብሉ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት እሞ ከኣ ኣብቲ ምንባሩ ኣጸጋሚ ዝኾነ ኩነታትን ስፍራታትን ምክያዱ'ዩ። ምስኡ ከኣ ግዜኡ ኣኺሉ ነጻ ክትኮነሉ ዘይትኽእል ምዃኑ'ዩ። ስለምንታይ'ዩ መወዳእታ ዘይብሉ...

**“ንሱን” መልሱን፡** እዚ ድማ ካልእ ሓሶት'ዩ። ካልእ ሓሶት። ንኣል ጀዚራ ከም መራኸቢ ብዙሓት መጠን፡ ርዝነቱን ክህሉ ዝግባእ ጽፈትን ኣብ ፈተነ ምእታው'ዩ። ብስጉርፍኦ ምሉእ ሓሶት መሊኢኪ ከም ጭቡጥ ሓቂ ጌርካ ምቕራብ እሞ ከምዚ'ዩ ዘሎ እቲ ርጉጽ ኩነታት...( ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካ ህድማ ክገብር ይፍትን፡ ጀን ድማ ኾሊፋ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ዓዱ ሕቶታት ክምልስ ትኾልፎ)

**ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? “ንሱ” ዘይበሎ ስምዑ፡ “ገለ ዋጋ ከምዘለኒ ከዘክረኒ ዝኽእል ንሱ ጥራይ እዩ፣ ግና ነዚ ኣይነግረኩምን እየ፣ ፈጺመ ክነግረኩም ኣይደልን እየ፣ ፍርሒ እስማዓኒ ኣሎ፣ ቆላሕታኹም ብምቕባል ምስዘይሰዓብ። ብፍቕሪ ምስዘይክተል እናበልኩ እፈርሕ፣ ብዛዕባይ ኣትሒትኩም ከይትሓስቡ እፈርሕ። ከይትስሕቁለይን ከይተባጭዉለይን፤ ሰሓቕኩም ከኣ ከይቀትለኒ እፈርሕ፣ ኣብ መዓሙቕ ውሽጠይ ባዶሽ ከይከውን። ቁንጣሮ ጥቕሚ ዘይብለይ ከይከውን እሞ፡ ንስኻትኩም ከኣ ነዚ ብምርኣይ ከይትመዝኑኒን ከይተርሕቑኒን እፈርሕ፣**

**ስለዚ ከኣ ጸወታይ ክጻወት። ነታ ተስፋ ዘይብላ ናይ ምስልዩነት ጸወታይ ክቕጽል፣ ውሕስነት ብዝፈጥረለይ መናድቕ ንነብሰይ ኣኽቢበ። ኣብ ውሽጠይ ከኣ ዘንቀጥቅጥ ህጻን ሒዘ ጸወታይ ክቕጽል፣**

**ስለዚ እቲ መሳጢ ትርኢት ግን ከኣ ባዶ ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ ማስኬራታት ትርኢት ፈሊሙ ኣሎ፤ ህይወተይ ከኣ ዓውደ ውግእ ኮይና ኣላ፣ ብዘይ ምግዳስ ከኣ ትሕትና ብዝተመልአ ድምጺ ካብ ውሽጠይ ብዘይኮነ ቃና ከዕልለኩም እየ፣ ኩሉ'ቲ ክንገር ዘለዎ ግን ገለ'ኳ ትርጉም ዘይብሉ ነገራት ከዕልለኩም'የ። ብዛዕባ ገለ'ኳ ትርጉም ዘይብሉ ኩሉ ነገራት'ውን ክጸውየኩም እየ፣“**

**ሕቶ ጀን፡** ነፍሲ ወከፍ ሕቶ ዝሓተኻ ዘለኹ ፡ ብዙሕ ምርምር ዝተኻየደሉን ጭብጥታት ዘለዎ'ዩ። ከምዚ ብምግባር ድም እዚ ሃገርካ ከመይ ኢሉ ከም ዝሰርሕ ንምፍላጥ ስለዝኾነ ከም ጋዜጠኛ ድማ ብሓቂ እዚ ሃገር መሲጡኒ ኣሎ።

**“ንሱን” መልሱን፡** ብዛዕባ ንፉዕ ጋዜጠኛ ከመይ ከም ዝኾነ ክምህራ ይፍትን፡( ጀን ንሓደ ደቒቕ ዝኸውን ቁሩብ ምህሮኡ ምስ ኣዋህለለት ኮሊፋ ኣብ ሕቶታት ትድቕደቕ)

**ሕቶ ጀን፡** በል ብዛዕባ ድርቂ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ንዛረብ። ልክዕ ከምተን ካልኦት ሃገራት

ኤርትራ’ውን ብድርቂ ትሳቐ'ኳ እንተሃለውት፡ ረዲኤት ክገብሩ ንዝመጹ ጨሪሽካ ከይኣትዉ ከልኪልካዮም ኣሎኻ። መኸልከሊኻስ እንታይ መርትዖ ትህበሉ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ንሕና እኹል መግቢ ኣሎና። ስለምንታይ ካልእ ሰብ ክቕልበና ንደሊ?

**ሕቶ ጀን፡** ኮይኑ ግን ክልተ ሲሶ ህዝብኻ ብደርቂ ተጠቒዖም ኣለዉ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ንሕና እኹል መግቢ ኣሎና። ስለምንታይ'ዩ ሰባት ክኾልሱና ተደልዩ ዘሎ።

**ሕቶ ጀን፡** እሞ ድኣ ከመይ ኮይኑ'ዩ ክልተ ሲሶ ህዝብኻ እኹል መግቢ ዘይብሉ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ከመይ ጌርኪ ኣነ ዘይጠመኹ ከለኹ ጠሚኻ ኣሎኻ ኢልኪ ትሓስቢ! ስለምንታይ ኢኺ እዚ ህዝቢ'ዚ ዘይጠመየ ክነሱ፡ ጠምዩ'ሎ ሓገዝ የድልዮ'ዩ ኢልኪ ኣብ ሓንጎልኪ እምነት ተሕድሪ? ከምዚ ኢልኪ ምሕሳብኪ፡ እቲ ኩነታት ኣእምሮኺ ዘሕዝን'ዩ። ኪዲ ተደሊኺ! ነቶም ኣህዛብ ካተሪና ሀይቲ መግብዮም...

**ሕቶ ጀን፡** ስለዚ ኣብዚ ሃገር'ዚ ሕጽረት መግቢ የለን?

**“ንሱ” መልሱን፡** ንሕና መግቢ ኣየድልየናን'ዩ። ንነብስና ባዕልና ክንቕልብ ንኽእል ኢና። ስለዚ ስለምንታይ ክትምግቡና ትደልዩ ኣለኹም?

***ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? ሕጅስ'ቲ ዘይበሎ ምስማዕ ለሚድኩሞ ትኾኑ፡ ሰሚዕኩሞ ዶ ዝበሎ? “እቲ ኣብ ውሽጠይ ኮይኑ ዝቖዝም ዘሎ ኩሉ ክነግረኩም እየ፣ ስለ'ዚ በቲ ልሙድ ተግባራተይ ክኣዓዝ እንከለኹ። በቲ ዝብለኩም ኣይትታለሉ፣ በጃኹም እምብዛ ተጠንቂቕኩም ስምዑ። ነቲ ዘይበልክዎ ክትሰምዑ ከኣ ፈትኑ፣ ነቲ እንተዝብሎ ኢለ ዝምነዮ። ምእንቲ ቀጻልነተይ ክብል ክዛረቦ ዝደሊ። ግን ከኣ ዘይበልክዎ ስምዑ!***
***ምሕባእ ኣይፈቱን እየ፣ ዕምቆት ዘይብሉን ዘይሓቀኛን ጸወታ ምጽዋት ኣይፈቱን እየ፣ ከምኡ ዝኣመሰለ ጸወታታት ምጽዋት ከቋርጽ ደልየ ኣለኹ፣ ሓቀኛ። ዘይተቓነየን ብልክዕ ንዓይ ዝውክል 'ኣነ' ክኸውን ደልየ ኣለኹ - ግና ክትሕግዙኒ ኣለኩም፣ እቲ ናይ መወዳእታ ድላየይ ንሱ ምስዝኸውን ኣእዳውኩም ንሓገዘይ ክትውፍዩለይ እየ ዝደሊ፣ ንስኻትኩም ክትገብሩለይ ዝደልዮ እንኮ ነገር። ነቲ ኣብ ኣዒንተይ ዘሎ ከም ምዉት ዘስተንፍስ ባዶ ጠመተ ክትኣልዩለይ እዩ፣ ናብ ህላወ ክትጽውዑኒ ጥራይ እየ ዝደሊ፣ ነፍሲ ወከፍ ርህራሀ፡ ህድኣት ከምኡ'ውን ምትብባዕ ተሕድሩሉ እዋን፤ ነፍሲ ወከፍ እዋን ሓልዮት ብምሕዳር ክትርድኡኒ ትፍትኑሉ እዋን።”***

**ሕቶ ጀን፡** ኣብዚ ሃገር ክሳብ ክንደይ ዝኸውን ደገፍ ህዝቢ'ዩ ዘሎካ? ነዛ ሃገር ን18 ዓመት መሪሕካያ ን20 ዓመት ነጻ ኾይና፡ኮይኑ ግና ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ ሂወትካ ቅትለት ፈተነ ተኻይዱ ነይሩ። ካበይ'ዩ ተበጊሹ? እንታይ ከ ኣበጊስዎ ትብል?

**“ንሱን” መልሱን፡** ስለምንታይ ከምኡ ኢልኪ ትሓስቢ? ጨሪሹ ኣይተፈጸመን። ሕቶኺ ከም ሃንደበት'ዩ ኮይኑኒ። እዞም ሰባት'ዚኦም ጽሉላት'ዮም። ርእሶም ስሒቶማ ኣለዉ። ጽሉላት'ዮም... እዚ ሓሶት'ዩ። ከመይ ኢሉ ኸ እቲ “ቅትለት” ዝብል ቃል ኣብ መልሓስኪ ክመጸልኪ ኽኢሉ? ከመይ ጌርኪ ክትኣምኒ ክኢልኪ?

***ገጣሚ ቻርለስ ፊን፡ ንዝሰምዖ ይነግር፡ “ልበይ ክንፍታት ከተብቑል ትጅምር። ኣዝዮም ንኣሽቱ ክንፍታት። ኣዝዮም ድኹማት ክንፍታት ግና ክንፍታት! በቲ ናብ ስምዒት ዝመርሓኒ ክነግረኩም እየ፣ ስለ'ዚ በቲ ልሙድ ተግባራተይ ክኣዓዝ እንከለኹ። በቲ ዝብለኩም ኣይትታለሉ፣ በጃኹም እምብዛ ተጠንቂቕኩም ስምዑ። ነቲ ዘይበልክዎ ክትሰምዑ ከኣ ፈትኑ፣ ነቲ እንተዝብሎ ኢለ ዝምነዮ። ምእንቲ ቀጻልነተይ ክብል ክዛረቦ ዝደሊ።”***

**ሕቶ ጀን፡** ንህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ጽገና ተማባጺዕካሎም ኔርካ። ፖለቲካዊ ሰልፍታት ግና የለዋን...(ሕቶኣ ከይወድኣት ኮሊፉ)

**“ንሱን” መልሱን፡** እነ ዝተማባጻዕክዎ ሰብ የብለይን።

**ሕቶ ጀን፡** ድሞክራሲ ክህሉ'ዩ ክትከል'ዩ ኣብዛ ሃገር ኢልካ ተማባጺዕካ!

**“ንሱን” መልሱን፡** መብጽዓ ዝብሃል ነገር ኣይነበረን። ዝተማባጽዐ ሰብ ድማ የለን።(ናይ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ከም ምስሌ የቕርብ)

**ሕቶ ጀን፡** ንሓዋሩ ኸ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክህልዋ ከተፍቅድ ዲኻ? ነቲ ቅዋምን ሕግን ሃገር ንኽትግበር ከተውጽኦ ዲኻ? ብህዝቢ ዝምሓደር ፖለቲካዊ መስርሕ ዕድል ክትህብ ዲኻ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ብህዝቢ ክትብሊ ከሎኺ ከምዚ ናይ ቻይና ማለትኪ ድዩ?

**ሕቶ ጀን፡** ብህዝቢ ተሓታቲ ዝኾነ መንግስቲ?

**“ንሱን” መልሱን፡** እንደገና እብ ክንዲ ህዝቢ ኮንኪ ኢኺ ትዛረቢ ዘሎኺ። እቶም ህዝቢ ባዕሎም

ይዛረቡ።

**ሕቶ ጀ፻ን፡** ኣነ ዝሓተካ ዘለኹ ፡ ከመይ ጌርካ ኢኻ እትትርጉሞ...(ተኾሊፉ። ምናልባት ግና ንዲሞክራሲ ትኽውን)

**“ንሱን” መልሱን፡** እቶም ህዝቢ ባዕሎም ይተርጉምዎ።

***ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? በጃኹም ነቲ ዘይበሎ ስምዑ፡ ከምዚ ከኣ'ዩ ዝብል ዘሎ፡ “ኩነታተይ ዘይስነመጎታዊ እዩ፣ ኣንጻር'ቲ ብሃረርታ ዝጽውዖን ዝበኽየሉን እየ ተቓሊሰ፣ ግና ፍቕሪ ካብ ተረርቲ ግንቢታት ዝሓየለ ምዃኑ ስለዝተነገርኩ፡ ተስፋይ ኣብኡ'የ ኣንቢረዮ ዘለኹ፣ በጃኹም ነቲ ተረርቲ መናድቕ ብተሪር ኣእዳው ከተፍርስዎ ፈትኑ፣ ግን ከኣ ህጻን ተነቃፊ ብምዃኑ ብጥንቁቕ ኣእዳው እንተኾነ ይምረጽ፣ መን'የ ግን ኣነ? ትድነቑ ትህልዉ፣ ኣነ ሓደ ኣጸቢቕኩም ትፈልጥዎ ሰብ እየ፣ ምኽንያቱ ኣነ...”***

**ሕቶ ጀ፻ን፡** ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ከምዝብልዎ፡ ነዛ ሃገር'ዚኣ ኣብ ዓቢ ደምበ ቤት ማእሰርቲ ስለዝቐየርካያ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰብኣዊ ቅልውላው ፈጢርካ ኣሎኻ ይብሉ።

**“ንሱን” መልሱን፡** ንነብሲ ባዕልኺ ከባቢኺ ርኣይዮ። ኪዲ ኣብ ድላይኪ ርኣይ፡ ከምኡ ዝብሃል ኣብዛ ሃገር የለን። ባዕልኺ ድማ እቲ ሓቂ ርኸብዮ። እዚ ኩሉ ሓሶት'ዩ።

**ሕቶ ጀ፻ን፡** ስለምንታይ'ዩ ግና ሰባት ካብዚ ሃገር ክወጹ እንተደልዮም፡ ትእዛዝ ቅተል ተዋሂቡ ዘሎ? ነዚ'ኸ እንታይ ዓይነት ምኽንያት ክትህበሉ ኢኻ?

**“ንሱን” መልሱን፡** እንተድኣ ካብዚ ሃገር ኣሸሓት ይወጹ ኣለዉ ኢልኪ ትነግርኒ ኣሎኺ ፡ ከመይ ገይሩ'ዚ ክፍጸም ኢልኪ ትሓስቢ። እንተድኣ ኣማእታት ኣሸሓት ዑቕባ ይሓቱ ኣለዉ ኢልኪ ትነግርኒ ኣሎኪ፡ ብሓቂ ክንድዚ ዝኣኽሉ ነዚ ሃገር ይገድፍዎ ኢልኪ ትሓስቢ?...

**ሕቶ ጀ፻ን፡** ዓርከይ ኣሎኒ እትብሎ መን ኣሎ?

**“ንሱን” መልሱን፡** ኣበይ!!!

**ሕቶ ጀ፻ን፡** ኣብዛ ዓለም?

**“ንሱን” መልሱን፡** ብምልኡ ዓለም ዓርከይ'ዩ። ብጀካ ሓሰውቲ። እኩባት ሓሰውቲ እንተድኣ ኾንኩም ፡ ምናልባት ኦዕሩኽተይ ኣይኮንኩምን። ሕጂ ምሉእ ዓለም ዓርክን ደግጋን ኤርትራ'ዩ... ስለምንታይ'ዚ ኹሉ ሓሶት? ስለምንታይ'ዚ እገዳ?... ንሕና ከም ከንያ ኢትዮጵያ ሶማልያ ሱዳን ኣይክንከውንን ኢና። ንሕና ኣብዚ ክፍለ ዓለም 'ዚ ኒበሮ ኡኖ ኢና።

***ገጣሚ ቻርለስ ፊን እንታይ ይብል? ስምዑዎ ሕጂ፡ ክዛረብ'ዩ! “ግን ከኣ ዘይበልክዎ ስምዑ! በቲ ናብ ስምዒት ዝመርሓኒ ናይ ምትንካፍ ሓይልኹም ኣቢልኩም፡ ንዓይ ህይወት ትዘርኡለይ፣ ነዚ ክትፈልጡለይ እደሊ፣ ፈጠርቲ ክትኮኑ ከምትኽእሉ። ነቲ ዝሞተ መንነት ዝሓዘ 'ኣነ' ክትፈጥሩኒ ምርጫኹም እንተኾይኑ ከምትፈጥሩኒ ክትፈልጡለይ እደሊ፣ ሓደ ሰብ ንበይኑ ነቲ ብድሕሪኡ ተሓቢኦ ዘንፈጥፍጠሉ መናድቕ ከፍርሶ ይኽእል። ነቲ ማስኬራይ ክኣልዮ።
ሓደ ሰብ (ምናልባት ንስኻ) ንበይንኻ ካብ'ቲ ናይ ጽላሎት ዓለም፡ ካብ'ቲ ናይ ራዕዲን ምጥርጣርን ዓለም ከተናግፈኒ፡ ካብ ናይ በይነይ ማሕዩር ምርጫኻ እንተኾይኑ ከተናግፈኒ ትኽእል፣ በጃኻ ከምኡ ምረጽ፣ ረጊጽካኒ ኣይትሕለፍ፣ ንዓኻ'ውን ቀሊል ኣይከውንን እዩ፣ ነዊሕ ዝገበረ ናይ ክብሪ ኣልቦነት እምነት ሓያል መናድቕ ሃኒጹ፣ ዝያዳ ናባይ እናቐረብኩም ብዝመጻእኩም። ዝያዳ እናሰኣንኩምኒ ትመጹ፣”***

ወልደየሱስ ዓንደማርያም
ሳንፍራንሲስኮ